እዛ ዛንታ ብ Ririro.com ብነጻ ተዳልያትልኩም ኣላ። ዕላማና ኣብ ዓለም ዘለዉ ኩሎም ህጻናት ዝተፈላለየ

ዛንታታት ብነጻ፡ ብዘይዝኾነ ክፍሊት ከንብቡ ክኽእሉ እዩ። እዞም ዛንታታት ኦንላይን ክንበቡ፡ ካብ ኢንተርነት

ኣውሪድካ ክንበቡ፡ ካብ ኢንተርነት ፕሪንት ብምባል ክንበቡ ይኽእሉ። እዞም ዛንታታት ዝተፈላለየ ዓይነት ትሕዝቶ

ዘለዎም ኮይኖም ብዛዕባ እንስሳታት፡ ፋንታዝያ፡ ስነ-ፍልጠት፡ ታሪኽ፡ ዝተፈላለዩ ባህልታትን ካልእን የዘንትዉ።


ዕላማና ብምድጋፍ ነዚ ዌብሳይት ምስ ካልኦት ንምልላይ ሼር ግበርዎ። እናኣንበብኩም ክትዘናግዑ ንምነ!

Ririro


ኣብ ዝኾነ እዋን፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣንብቡ

# እታ ንእሽቶ ቀያሕ ደርሆ

ሓደ እዋን ሓንቲ ንእሽቶ ቀያሕ ደርሆ ኣብ ሓደ ሕርሻ ትነብር ነበረት። ዝበዝሐ ግዜኣ ኣብቲ ሕርሻ እናተንቀሳቐሰት ኣብ መሬት ዝረኸበቶ ክትቶክብን ሓሳኹ እንተረኸበት ክትጽሕትርን እያ ተሕልፎ ዝነበረት።



ገዘፍትን ምቁራትን ሓሳኹ ክትበልዕ ኣዝያ እያ ትፈቱ ዝነበረት፡ ጥዕና ናይ ደቃ ኣብ ምህናጽ ሓገዝቲ ከም ዝኾኑ ድማ ትኣምን ነበረት። ስለዚ ሓሳኹ ክትረክብ እንከላ “ኩት ኩት ኩት” ኢላ ንጨቓዊታ ንክበልዑ ትደሃዮም ነበረት።




ኣብቲ ሕርሻ ሓንቲ ድሙ ትነብር ነበረት። ኩሉ ግዜ ስልቸውቲ ስለዝነበረት ዝበዝሐ ግዜኣ ኣብ ድቃስ ተሕልፎ ነበረት። ኣዝያ ህክይቲ እውን ስለዝነበረት ወላ ነቲ ኣብቲ ሕርሻ ዝነብር ኣንጭዋ ከተፈራርሖን ከተህድሞን ፈቲና ኣይትፈልጥን እያ። ኣብቲ ሕርሻ ሓደ ሓሰማ እውን ይነብር ነበረ። እንተኾነ ንሱ ኣብቲ ሕርሻ ብዛዕባ ዘጋጥሙ ነገራት



ዕጅብ ዝብሎ ኣይነበረን። ንሱ ሓንቲ
ዝፈትዋ ከም ድላይካ
እናበላዕካ ምግዛፍ
ጥራይ እያ ነይራ።



ሓደ መዓልቲ እታ ንእሽቶ ቀያሕ ደርሆ ሓንቲ ፍረ ስርናይ ረኸበት። እታ ደርሆ ሓሳኹ ጥራይ ስለእትፈልጥ ዝነበረት፡ እታ ፍረ ሓድሽ ዓይነት ምቁር ሓሰኻ እያ ትኸውን ኢላ ሓሰበት። ቀስ ኢላ ድማ ብኣፋ ተንከፊታ እሞ ሓሰኻ ከም ዘይኮነት ክትርዳእ ከኣለት። ወላ እኳ እታ ፍረ እንክትሪኣ ምሽላሓ ንሓሰኻ ትመስል እንተኾነት መቐረታ ግን ፈጺሙ ምስ ናይ ሓሰኻ ኣይመሳሰልን እዩ ኢላ ሓሰበት።




እታ ደርሆ ነታ ፍረ ስርናይ ሒዛ ናብ’ቶም ካልኦት እንስሳታት ሕርሻ ብምኻድ እንታይ ከም ዝኾነት ዝፈልጥዋ እንተኾኑ ሓተተቶም። ድሕሪ ብዙሕ ምሕታት ድማ ፍረ ስርናይ ከም ዝኾነት፡ ኣብ ሓመድ ምስ እትትከል ድማ ስርናይ ከተፍሪ

ከም እትኽእልን፡ በቲ ስርናይ ድማ ባኒ ከም ዝስራሑን ክትግንዘብ ከኣለት፡፡



ደርሆ እዚ ምስ ፈለጠት እዛ ፍረ ክትትከል ኣለዋ ኢላ ሓሰበት፡፡ እንተኾነ ንዓኣን ንደቃን መግቢ ክትምእርር ክትከይድ ስለዝነበራ ነታ ፍረ ክትተኽላ ግዜ ከተጥፍእ ኣይደለየትን፡፡


ስለዚ ብዛዕባ እቶም ስራሕ ዘይብሎም፡ ግዜኦም ብኸንቱ ዘጥፍኡ መናብርታ ዝኾኑ ድሙ፡ ሓሰማን ኣንጭዋን ሓሰበት እሞ ዓው ኢላ ተደሃየቶም፡
"እዛ ፍረ መን ክዘርኣ እዩ?"
እቲ ሓሰማ "ኣነ ኣይዘርእን እየ"
እታ ድሙ "ኣነ ኣይዘርእን እየ"
እቲ ኣንጭዋ "ኣነ ኣይዘርእን እየ" ኢሎም መለሱ፡፡
"ወይለይ፡ ከምኡ ኢልኩም!
ደሓን በሉ ባዕለይ ክዘርኣ እየ" በለት ደርሆ፡፡
ከምኡ ድማ ገበረት፡፡



ክረምቲ ኮይኑ መዓልታት እናተጸብጸቡ ከዱ፡፡ ደርሆ ከም ቀደማ ንዓኣን ንደቃን መግቢ ኣብ ምምእራር ግዜኣ ከተሕልፎ ከላ፡ በዓል ሓሰማ፡ ድሙን ኣንጭዋን ከኣ እናገዘፉ ይኸዱ ነበሩ፡፡ እቲ ስርናይ ድማ እናዓበየ ከደ፡፡ እዋን ዓጺድ ኣኸለ፡፡



ደርሆ ዝዘርኣቶ ስርናይ ሽዊቱ
ንዓጺድ ከም ዝኣኸለ ምስ ረኣየት
"ነዚ እኽሊ መን ክዓጽዶ እዩ?" ኢላ
ዓው ኢላ ተደሃየት።
እቲ ሓሰማ "ኣነ ኣይዓጽድን እየ"
እታ ድሙ "ኣነ ኣይዓጽድን እየ"
እቲ ኣንጭዋ "ኣነ ኣይዓጽድን እየ"
ኢሎም መለሱ።
"ወይለይ፡ ከምኡ ኢልኩም! ደሓን
በሉ ባዕለይ ክዓጽዶ እየ" በለት
ደርሆ።
ከምኡ ድማ ገበረት።




እታ ደርሆ ካብ'ቲ ናይ'ቲ
ሓረስታይ ናይ ማሕረሻ
መሳርሒ ማዕጺድ ወሲዳ
ነቲ ተኽሊ ስርናይ ዓጸደቶ።
ነቲ ዝተዓጽደ ተኽሊ
እናረኣየት ድማ ነዚ ከኺዶ ኣለኒ ኢላ ሓሰበት። እንተኾነ
እታ ዝነኣሰት ጫቑዊት ናይታ ደርሆ ብዓውታ ተቑጢዓ
ብምጭዳር ንወላዲታ ጸውዓታ።



ወዮ ደርሆ ሰንቢዳ ናብ ተብሎ
ጠፍኣ።
ኣድህቦኣ ኣብ ክልተ ተመቒሉ፡
በቲ ደቃ ከትኣሊ ሓላፍነት
ነይርዋ በቲ ሓደ ድማ ነቲ ስርናይ
ከትኣሊ ሓላፍነት ተሰምዓ።
ስለዚ ሕጂ እውን ተስፋ
ብምግባር ዓው ኢላ "ነዚ ስርናይ
መን ከኺዶ እዩ?" ኢላ ሓተተት።

እንተኾነ ሓሸማ ቁጥዕ ኢሉ “ኣነ የለኹላን”
ድሙ ከኣ “ምያው ኣነ የለኹላን”
ኣንጭዋ ድማ “ጺጽ ጺጽ ኣነ የለኹላን” ኢሎም መለሱ፡፡
እታ ደርሆ ቁጥዕ ኢላ “ባዕለይ ከኺዶ እየ” በለት፡፡





መጀመርታ ንደቃ መገባ ኣደቀሰቶም፡
ብድሕሪኡ ከኣ ነቲ እኽሊ ኣኺዳቶ፡፡
ስርሓ ምስ ወደአት “እዚ እኽሊ ናብ
እንዳ ጠሓናይ መን ክወስዶ እዩ?”
ኢላ ሕጂ እውን ተስፋ ከይቆረጸት
ሓተተት፡፡
እንተኾነ እቶም ካልኦት እንስሳታት
ፍቓደኛታት ኣይነበሩን፡፡
ሓሰማ “ኣነ ኣይወስዶን እየ”
ድሙ “ኣነ ኣይወስዶን እየ”
ኣንጭዋ “ኣነ ኣይወስዶን እየ”
ኢሎም ሕቖኦም ሂቦማ ከዱ፡፡



ወያ ደርሆ ደኺመ ከይበለት
“ባዕለይ ክገብሮ እየ”
በለት፡፡ደርሆ ብሓቦ ነቲ እኽሊ
ተሰኪማ ናብ እንዳ ጠሓናይ
ብምኻድ፡ ነቲ እኽሊ ጽቡቕ


ጌሩ ጥሒኑ ክህባ ነቲ ጠሓናይ
ሓተተቶ። እቲ ጠሓናይ ነቲ ስርናይ
ጥሒኑ ምስ ሃባ ተሰኪማቶ ሰለይ
እናበለት ናብ ገዝኣ ተመለሰት።



እታ ደርሆ ንእግረ መንገዳ ሓሳኹ
እናለቐመት ከደት፡ ንገሊኦም
ክትበልዖም ከላ ንገሊኦም ድማ ንደቃ
ሒዛትሎም
ከደት። ገዝኣ
ምስ በጸሐት ደቃ ብታሕጓስ
ተቐበልዋ።



እታ ደርሆ ኣዝያ ደኺማ ስለዝወዓለት
ገና ጸሓይ ከይዓረበት ኣብ መደቀሲኣ
ኣትያ ጥዑም ድቃስ ደቀሰት።
ኣራፊዳ ክትንስእ እውን መደብ
ነይርዋ
እንተኾነ
ጨቓዊታ
ከም
ኣመለን ኣንጊሀን ተንሲአን፡
ጫቑ ጫቑ ኢለን ምድቃስ
ከልኣኣ እሞ ከም ቀደማ ኣንጊሃ
ክትንስእ ተገደደት።
ገና ጽቡቕ ጌራ ከይተበራበረት
ከላ ዝመጻ ሓሳብ ከኣ እቲ
ስርናይ ሎሚ መዓልቲ ባኒ
ክስራሕ ኣለዎ ዝብል ነበረ።





እታ ደርሆ ባኒ ሰሪሓ ኣይትፈልጥን
እያ እንተኾነ እቲ ግቡእ ኣሰራርሓ
ምስ ፈለጠቶ ባዕላ ክትሰርሖ ከም
እትኽእል ትኣምን ነይራ እያ።
ደቃ መገባን ኣጸራርያን፡ ንሓሰማ፡
ድሙን ኣንጭዋን ክትደልዮም
ወፈረት።
ሓንቲ መዓልቲ እዞም እንስሳታት
ይሕግዙኒ ይኾኑ እዮም ኢላ
ብምሕሳብ ከኣ "መን ባኒ ክስንክት
እዩ?" ኢላ
ሓተተቶም።




ሕጂ እውን ደርሆ ዕድል
ኣይገበረትን፡ ኣብ ልዕሊ እቶም
እንስሳታት ዝነበራ ተስፋ ድማ
ቀሃመ ምኽንያቱ እንተ ሓሰማ
"ኣነ ኣይስንክትን እየ" በለ።



ድሙ ከም ኣመላ "ኣነ እውን
ኣይስንክትን እየ" በለት።
ኣንጭዋ ከኣ ኣስዕብ ኣቢሉ "ኣነ
ከማን ኣይስንክትን እየ" በለ።
ስለዚ ሕጂ እውን እታ ደርሆ "ባዕለይ
ክስንክቶ እየ" ኢላ።
እታ ደርሆ "ኣነ ሲ ካብ መጀመርታ
ኣትሒዘ ኩሉ እዚ ስራሕ ባዕለይ
ክሰርሖ ከም ዝኾንኩ ይርድኣኒ ነይሩ
እዩ መስለኒ" ኢላ ብምሕሳብ፡ ዘረባ
ናይ'ቶም ካልኦት እንስሳታት ዕሸሽ

ኢላ፡ ግርምብያለ ተኸዲና ስርሓ ጀመረት። ነቲ ስርናይ ማይ፡ ጨው፡ ለቢቶ ጌራ ኣብዒጣ ቢሑቐ ኣዳለወት፡ ነዚ ድማ መቓቒላ ናብ ፎርኖ ክበስል ኣእትወቶ። እታ ዷርሆ እዚ እናገበረት፡ እታ ድሙ ኮፍ ኢላ ማዕጠጥ እናበለት ትስሕቐን ትዘናጋዕን ነበረት።



ኣብ ጥቓኣ እቲ ኣንጭዋ ንነብሱ ኣብ መስትያት እናረኣየ መልክዑ የድንቕ ነበረ።
ካብኦም ግልል ኢሉ ድማ እቲ ሓሰማ ክሕርንኽ ይስማዕ ነበረ።
ኣብ መወዳእትኡ እታ ናይ ዓወት ሰዓት ኣኸለት። እቲ ንፋስ ኣዝዩ ጥዑም ሽታ ሒዙ መጽአ።
ኩሉ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ድማ ኣዕሚቑ ትንፋስ ብምስሓብ ነቲ ጥዕም ጨና ኣስተማቐሮ።





እታ ደርሆ ነቲ ባኒ ሒዛ፡ ንእግረ
መንገዳ ዝረኸበቶ እናተኾበት
ናብቲ ሕርሻ ተመለሰት።

እንክትሪኣ ሃዲኣን ኮሪዓን እኮ
እንተነበረት ከይተሓለለት
ብዝገበረቶ ስራሕ ክትዕወት
ብምኽኣላ
ብውሽጣ
ኣዝያ ተሓጒሳን ተደሲታን
ስለዝነበረት ክትስዕስዕን ዓው ኢላ
ክትደርፍን ደለየት።



ስለዚ ኣብቲ ሕርሻ እታ ልዕሊ
ኩሎም ተሓጒሳ ዝነበረት እንስሳ
ምንባራ ከኣ ዘገርም ኣይኮነን።
እቲ ዝሰርሓቶ ባኒ ክብላዕ ይኽእል
ድዩ
ኣይኽእልን
ርግጸኛ እኳ
እንተዘይነበረት ካብቲ ፎርኖ ምስ
ወጽአ ግን
መልክዑን
ሽታኡን ኣዝዩ
ብሉጽ
ብምንባሩ ሓጎሳ ወሰን ኣይነበሮን።



ኣመል ኮይኑዋ ደርሆ “ነዚ ባኒ መን
ክበልዖ እዩ?” ኢላ ተደሃየት።





እቶም እንስሳታት ኣፎም ማይ መሊኡ፡
ኣስናኖም ሓርቀምቀም እናኣበሉ፡
ከንፈሮም እናለሓሱ ሃነን ኢሎም ነቲ
ባኒ ክጥምትዎ ስለዝጸንሑ ሓሰማ
“ኣነ ክበልዕ እየ” በለ፡
ድሙ ከኣ “ኣነ ክበልዕ እየ” በለት፡
ኣንጭዋ እውን “ኣነ ክበልዕ እየ”
በለ። እንተኾነ እታ ደርሆ፡

“ሓደ እኳ ዝበልዕ የለን፡ ኣነ ጥራይ እየ ዝበልዕ” ኢላ ምስ ደቃ ኮይና በልዓቶ።